SWEDISH MEDICAL CENTER

ምልክታ ናይ ሓበሬታ ጥዕና ልምዲታት (Tigrigna)

እዚ ምልክታ እዚ ብዛዕባኹም ዘለና ሓበሬታ ብኸመይ ንጥቀመሉን ከምኡ'ውን ባዕልኹም ብኸመይ ነዚ ሓበሬታ እዚ ትረኽብዎ ይገልጽ፡ በጃኹም ተጠንቂቕኩም ገምግምዎ፡፡

ስውዲሽ ("ስውዲሽ" ወይ "we") ብዛዕባ ጥዕናኹም ዘለና ሓበሬታ ብስቱር ክሕዞ ብዛዕባ ሕጋዊ ሓላፍነቱን ስቱር ልምድታቱን ምልክታ ከቕርበልኩም ከምኡ'ውን ኣብዚ ምልክታ ተገሊጾም ዘለዉ ልምድታት ሓበሬታ ክከታተል ብሕጊ ይግደድ ኢዩ። እዚ ምልክታ እዚ ብኸመይ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ክንጥቀመሉ ወይ ምስ ካልኦት ክንካፈሎን ከምዘለና መግለጺ የቕርብ ስለዚ ናይዚ ምልክታ እዚ ቅዳሕ ወረቐት ክትሓቱን ክትረኽቡን መሰል ኣለኩም፡፡ ስውዲሽ ብዘይካ በዚ ኣብዚ ምልክታ እዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣገባብ እንተዘይኮይኑ ብኻልእ መንገዲ ብዛዕባ ናይ ጥዕናኹም ዘለዎ ሓበሬታ ምስ ካልኦት ክካፈል ኣይክእልን እዩ፡፡

እዚ ምልክታ እዚ ንኹሉ ዝመንጨወ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ብሰብ ሞያ ሕክምና፡ ሰራሕተኛታት፡ ብውዕል ዝሰርሑ ሰባት፡ ተመሃሮን፡ ወለንታውያን፡ ንስውዲሽ ኣካላት ከምኡ'ውን ነዞም ዝስዕቡ ዝምልከት ኢዩ፣፡፡

- ስውዲሽ ማእከል ሕክምና ሆስፒታል ካምፓሳት
- ስውዲሽ ማእከላት ክንክን ምንቅስቓስ
- ስውዲሽ ሕክምናዊ ጉጅለ
- ስውዲሽ ኣገልግሎታት ተመላለስቲ ኣለይቲ-ሕሙማት
- ስውዲሽ ትካላት
- ስውዲሽ ክሊኒካት

እዚ ምልክታ እዚ ንኻልኦት ኣቕረብቲ ክንክን ጥዕና ምስ ስዊዲሽ ናይ ሓደ ሕሙም ኤለክትሮኒካዊ መዝገብ ጥዕና ዝካፈላን ከምኡ'ውን በዚ ምልክታ እዚ ክቕየዳ ዝተሰማምዓ ትካላት ይምልከት፡፡ ምሉእ ዝርዝር ናይ ስውዲሽ ኣካላትን ካልኦት ኣቕረብቲ ክንክን ጥዕናን ናይ ስውዲሽ ሕሙም ኤሌትሮኒካዊ መዝገብ ጥዕና ዝካፈላ ኣብ ናይ ስውዲሽ መርበብ ሓበሬታት www.Swedish.org ይርከብ፡፡

እዚ ምልክታ እዚ እዘን መሳለጢያታትን ተሓባበርተን ክሊኒካትን ክፍሊታትን ንክንክንኩም ዝተጠቀማሉ ውልቃዊ ሓበሬታ ጥዕናን መዝገባት ጥዕናን ይምልከት፡፡ ብዓይነቱ፡ እዚ መዝገብ ምልክታት ሕማምኩም ፡ መርመራን፡ ውጽኢታት ፈተናን፡ ምልላይ ሕማም፡ ፡ ሕክምናን ፡ ናይ መጻኢ ክንክንን ሕክምናን መደብ ይህልዎ፡፡ እቶም ኣብ ሆስፒታል፡ ክፍሊ ህጹጽ ረዲኤትን፡ ክፍሊታት ምላልይ ፈተና ከም ኤክስረይን፡ ናይ ተመላላሲ ሕክምና ክልኒካት ዘለዉ መዛግብቲ ኣብነታት ኢዮም፡፡ ኣብ መንጎ እዘን ኩለን ዝተፈላለያ ክፍልታት ብምትሕብባር ናይ ኣገልግሎት ጥዕና ክንክን ክንህበኩም እንተድኣ ተሰማሚዕና እቲ ዘድሊ ክንክን ጥዕና ክንገብር፡ ክፍሊትን ናይ ስራሕ ምንቅስቓሳትን ክጥዕመና መታን ብዛዕባ ጥዕናኹም ዘለና ሓበሬታ ከም ኣድላይነቱ ክነካፈሎ ኢና፡፡

እዚ ምልክታ ንናይ ስዊዲሽ ኤሌትሮኒካዊ ስርዓት መዝገብ ጥዕና ይምልከት፡፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሕሙም ኤሌትሮኒካዊ መዝገብ ጥዕና ንምኽንያታት ሕክምና ብመንገዲ ኤሌትሮኒክ ክኽፈት ይኽእል ኢዩ፡፡ ገለ ኣብነታት፡-

- እቲ ሕሙም ወይ ወግዓዊ ወኪሉ ብስቱር ናይ ኤለክትሮኒክ ስርዓት ማይቻርት (MyChart) ዝብሃል ወይ
- ብኣቕራባይ ወይ ካልእ ናይ ክንክን ጥዕና በዓል ሞያ ምስ ናይ ክንክን ጥዕና ሕሙም ዝዛመድ ብስቱር ካብ ርሑቕ ቦታ ወይ ካልእ ስቱር መግለጺን መለዋወጢን መስርሕ፡፡

ምጥቃም ውልቃዊ ሓበሬታ ጥዕና

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታል ፡ ሓኪም ወይ ካልእ ኣቕራቢ ጥዕና እትበጽሕሉ ጊዜ፡ ምብጻሕኩም ኣብ መዝገብ ይትሓዝ ኢዩ፡፡ እዚ ሓበሬታ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ከም መዝገብ ጥዕናኹም ወይ ሕክምናኹም ዝጽዋዕ ንኽምዚ ዝስዕብ የገልግል፡-

- መሰረት ንምውጣን ክንክንኩምን ሕክምናኹምን፡፡
- ኣብቲ እትረኽብዎ ክንክን ጥዕና ተዋሳእቲ ዝኾኑ ሰብ ሞያ ጥዕና መራኽቢ ይኽውን፡፡

- ናይ ዝረኸብክምዎ ክንክን ጥዕና መግለጺ ሕጋዊ ሰነድ
- ንስኹም ወይ ናይ ሕክምና ዕዳኹም ዝኸፍል ሳልሳይ ኣካል ዝመጸኩም ዕዳታት ምስቲ ዝተዋህበ ኣገልግሎታት እተረጋግጽሉ መንገዲ፡፡
- መሳርሒ ኣብ ምምሃር ንጥዕናዊን ካልእ ሰብ ሞያታት፡፡
- ምንጪ ሓቂታት ንሕክምናዊ መጽናዕቲ
- ምንጪ ሓበሬታ ንጥዕና ናይታ ሃገር ከመሓይሹ ሓላፍነት ዝተዋህቦም ሰበ-ስልጣን ህዝባዊ ጥዕና፡፡
- ምንጪ ሓቅታት ንምውጣን መሳለጢያታትን ዕዳጋን፡፡
- መሳርሒ ንምግምጋምን ብቐጻሊ ነቲ እንህቦ ክንክንን እንረኽቦ ውጽኢትን ንምምሕያሽ ምስራሕ፡፡

ኣብ ናይ ሕክምና መዝገብኩም እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ከምዘሎ ምርዳእን ብኸመይ ሓበሬታ ጥዕናኹም ከምዝስርሓሉ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ይጠቕመኩም።

- ቅኑዕነቱ ምርግጋጽ
- መን፡ እንታይ፡ መዓስ፡ ኣበይ፡ ስለምንታይን፡ ብኸመይ ካልኦት ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ይረኽብዎ ብዝያዳ ንኽርድኣኩም ፡፡
- ንካልኦት ናይ ምክፋል ፍቓድ ክትህቡ እንከለኹም ዝበለጸ መረዳእታ ዘለዎ ውሳኔታት ክትገብሩ ፡፡

ኣብነታት ናይ ምክፋል ንሕክምና፡ ክፍሊትን ጥዕናዊ ኣሰራርሓታትን

እዚም ዝስዕቡ ነጥብታት ብኸመይ ኣገባብ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ከምእንጥቀመሎምን እንካፈሎምን ይገልጹ፡፡

ሕክምና፡- ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕና ንኽነቕርበልኩም ክንጥቀመሉ ኢና፡፡ ንኣብነት፡ ኣለይቲ ሕሙማት፡ ሓካይም፡ ወይ ካልኦት ናይ ሕክምና ሰብ ሞያ ኣብ ኣገልግሎት ክንክን ሕክምናኹም ተዋሳእቲ ነዚ ሓበሬታ እዚ ተጠቒሞም እንታይ ዓይነት ሕክምና ከምዘድልየኩም፡ ዘድልየኩም መርመራታት፡ ጽገናታት፡ መድሃኒታት ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ክንክን ብኸመይ ትምሓየሹ ከምዘለኹም መምዘኒ ይጥቀምሉ፡፡ ከምኡ'ውን ካብ ስውዲሽ ምስ ወጻእኩም ብቐጻሊ ኣብ ክንክን ጥዕናኹም ዝዋስኡ ሰባት ከም ስድራ ቤት ወይ ካልኦት ናይ ኣገልግሎት ጥዕና ሰብ ሞያ ክንካፈሎ ንኽእል ኢና፡፡ .

ክፍሊት፡- ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ንኽፍሊት ክንጥቀመሉ ኢና፡፡ ንኣብነት እቲ ናይ ሕክምና ዕዳ ንዓኹም ወይ ንሳልሳይ ኣካል ክስደድ ይኽእል ኢዩ፡፡ ምስ እቲ ዕዳ ዝኸይድ ሓበሬታ መን ምኺንኩም፡ ዓይነት ሕማምኩም፡ ኣገልግሎት ሕክምና ዝሃብናኩም ዕለታትን፡ እንታይ ዓይነት ሕክምናን ዝተጠቐምናሉ ናይ ሕክምና ኣቕሓን ዘጠቓለለ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡፡

ልሙድ ኣሰራርሓታት ክንክን ጥዕና፡- ክንክን ጥዕና ክንህበኩም ብዛዕባ ጥዕናኹም ዘለና ሓበሬታ ክንጥቀመሉ ኢና፡፡ ንኣብነት ኣባላት ናይ ሕክምና ሰራሕተኛታት ወይ ጉጅለ ምምሕያሽ ዓይነት ኣገልግሎት ነቲ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ሓበሬታኹም ተጠቒሞም ገምጋም ናይ ካልእ ተመሳሳሊ ሕማማት ክወስዱ ይኽእሉ ኢዮም፡፡ እዚ ኸኣ ጻዕሪ ሰራሕተኛታትና ኣብ ምክንኻንኩም ንምግምጋም ይሕግዝ ፡፡

ካልእ ጥቕሚታትን ምክፋላትን

ብዘፍቓድኩም ናይ ሕክምናኹም ሓበሬታ ንምምላእ ፍሉይ ጠለባት ጸብጻብ፡ ንምስላጥ ቀጻሊነት ክንክን ወይ ንማሕበራዊ ጥዕና ወይ ካልእ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና፡፡ እዞም ጥቕሚታትን ምክፋላትን ዘጠቓልልዎ፡

- ስድራ ቤት፡ መጻምድቲ ከምኡ'ውን ኣዕሩኽትን ኣብ ናይ ክንክን ሕክምናኹም ዝዋስኡ
- ኣገልግሎት ክህቡና ንወዓዓሎም ናይ ትካልና ናይ ዋኒን ተሓባበርቲ። ኣብነት ናይ ዋኒን ተሓባበርቲ ዘካትቶ ኣማኸርቲ፡ ተሓዝቲ ሕሳብ፡ ጠበቓታት፡ ናይ ሕክምና ጸሓፍቲ ከምኡ'ውን ሳልሳይ ኣካል ዕዳ ዘቕርቡ ኢዩ፡፡ ነዞም ናይ ዋኒን ተሓባብርቲ ናይ ሕክምናኹም ሓበሬታ መዝገብ ብስቱር ክሕዝዎ ነገድዶም ኢና፡፡
- ንቤት ጽሕፈት ምሕደራ መግብን መድሓኒትን ኣንተድኣ ናይ ሕክምና ዘይምቅዳው ተረኺቡ፡፡
- ጸብጻብ ንተቐጻጸርቲ ምንቅስቓሳት ከም ምቁጽጻር ወይ ፍቓድ ምሃብ

- ጸብጻባት ኣብ ተመሓላለፍቲ ሕማማት
- ጸብጻባት ንኣስራሕቲ ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ሕማም ወይ ማህሰይቲ
- ጸብጻባት ኣብ ግፍዒ፡ ዘይምክንኻንን ቤታዊ ጭካኔን
- ንምእላይ ጽንኩር ሓደጋ ጥዕና ወይ ድሕነት ወይ ንምክልኻል ጽንኩር ሓደጋ ንግለ-ሰብ
- ምቅላል ዕንወት፡- ዘለኹሞ ቦታን ጠቕላላ ኩነታትኩምን ንግላዊ ወይ ህዝባዊ ኣካል (ከም ፊማ ወይ ቀይሕ መስቀል) ኣብ ግዜ ሓደጋታት ሽግር ከቃልሉ ብሕጊ ዝፍቀደሎም ከነፍልጥ ንኽእል ኢና፡፡
- ብሕጊ ከም ዝጥለብ፡ ከም ምኽባር ሕጊ ወይ መልሲ ንመጸዋዕታ ወይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ
- ሓበሬታ ንሆስፒታል ዲረክቶሪ፡ ብወግዒ ስምኩም ካብቲ ዲረክቶሪ ከነውጽኦ እንተዘይሓቲትኩምና፡ ስምኩም ጠቕላላ ኩነታት ጥዕናኹምን (ከም “ውጹዕ” “ሕማቕ” “ድሓን” “ጽቡቕ” ወይ ዝመሳሰል ቃል ምሃብ)
- ስርሖም ብኣገባብ ንኽፍጽሙ ዘድልዮም መርመርቲ ሬሳን ሕክምናዊ መርመርቲን
- ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ክፍሊ ኣካል ዝረኽቡ ትካላት፡፡
- ብትካላዊ ገምጋሚ ቦርድ ዝተፈቕደ መጽናዕቲ፡፡ መብዝሕትኡ ክሊኒካዊ መጽናዕቲ ፍሉይ ናይ ሕሙም ፍቓድ ዝሓትት እኳ እንተኾነ፡ ሓደ-ሓደ እዋን መዝገብ፡ ወይ ንመርመራ ዝቐረበ ነገራት ናይ ሓደ ሕሙም ብዘይፍቓዱ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና፡፡
- ፍሉይ መንግስታዊ ዕላማታት ንኣብነት ብወትሃደራዊ ሓለፍቲ ከምዝጥለብ
- ናይ ሰራሕተኛታት መሕወዩ፡፡
- ገንዘብ ምውጻእ፡ ኣብ ናይ ገንዘብ ምውጻእ ዝግበር ወፈራ ክትካፈሉ ክንሓተኩም ንኽእል ኢና፡፡
- ዕዳጋ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተፈላለየ ናይ ሕክምና ኣማራጺታት ወይ ካልእ ከገድሰኩም ዝኽእል ምስ ኣገልግሎት ጥዕና ዝተኣሳሰር ኣገግሎት ክንቅርበልኩም ንኽእል ኢና፡፡
- ቆጻራ መዘከሪታት
- እሱር እንተድኣ ኮይንኩም፡ ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ንትካላት መአረሚታት ወይ ወኪላት ክፍኖ ይኽእል ኢዩ፡፡

ካልእ ናይ ሓበሬታ ምክፋል ዝግበር ብጽሑፍ ፍቓድኩም ክትህቡና ከለኹም ኢዩ፡ እዚ ኽኣ መብዛሕትኡ ጊዜ ክትነጽግዎ መሰል ኣለኩም፡፡

ፍሉይ ፍቓዳት

ናይ ፈደራላዊን ክፍለ-ሃገራዊን ሕግታትን ንገለ ውልቃዊ ናይ ክንክን ጥዕና ሓበሬታ ፍሉይ ዕቃበታት ይገብር ኢዩ (ከም ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማምን ካልእ ዓይነት ሕማም ተላገብን፡ ናይ መስተን ዘይፍቀዱ መድሃኒታት ምብዛሕ ክንክን ጥዕናን፡ ገለ-ገለ ናይ ስነ-ኣእምሮም ክንክን ጥዕናን) ሓበሬታ ከነካፍል ፍሉይ ፍቓድ ካብ ሕሙም የድሊ፡፡ ናይ ክንክን ጥዕናኹም ሓበሬታ ኣብ ሓደ ካብዞም ኣብ ፍሉይ ዕቃበ ዝግበረሎም ኩነታት እዚኣቶም ክርከብ ከሎ፡ በቲ ሕጊ ዝብሎ መሰረት እቲ ዝግባእ ፍቓድ ካባኹም ክንወስድ ኢና፡፡ .

መሰላትኩም

ናይ ክንክን ጥዕናኹም ሓበሬታ ኣጠቓቕማን ምክፋልን ፍቓድ ናይ ምሃብ ውልቃዊ መሰል ኣለኩም፡ እዚ መሰል እዚ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ዘጠቓለለ እዩ፡፡ ዝኾኑ ካብዞም መሰላትኩም ኣብ ክፍሊ ምሕደራ ሓበሬታ ጥዕና ኣብ ቁጽሪ (425) 640-4200 ደዊልኩም ክተኽብሩ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

ምድራት ኣጠቓቕማ፡- እንተኣፍቂድኩምልና፡ ሕጊ ኣብ ዘፍቅደልና ኩነታት ወይ ኣብ ትሕቲ ህጹጽ ኩነታት ጥራይ እንተዘይኮይኑ፡ ሓበሬታ ሕክምናኹም፡ ክፍሊትን ምምሕዳራዊ ምኽንያታት ሓበሬታኹም ንኽይንካፈሎ ብጽሑፍ ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ሕቶኹም ኣብ ግምት ከነእትዎ ኢና ግን ክንቅበሎ ድማ ብሕጊ ኣይንግደድን ኢና፡፡

ዕቃቤ ባዕልኹም-ትኽፍልዎ፡- ኣብ ባዕልኹም ትኽፍልዎ ኣገልግሎት ሕክምና ንመደብ ጥዕና ኣገልግሎት ሓበሬታኹም ከይንካፈሎ ብጽሑፍ ክትሓቱና ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ምስዚ ዓይነት ሕቶ እዚ ንኽንሰማማዕ ገለ ክማላእ ዘለዎ ኩነታት ኣሎ፡፡ .

ምቕባል ስቱር ርክባት፡- እቲ ምሳኹም ንዛረበሉ ወይ ንጸሓሓፈሉ ኣገባብ ብዝደለኽምዎ ኣማራጺን ኣብ ዝደለኹሞ ቦታን ብስቱር ክኸውን መሰል ኣለኩም፡፡ እዚ ብኣማራጺ ኣድራሻን ኢመይልን ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡፡

ምምርማርን ቕዳሕን፡- መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ክንክን ጥዕናኹም ዘለና ሓበሬታ ቅዳሕ ክትረኽቡ ብጽሑፍ ሕቶ ክተቕርቡ መሰል ኣለኩም፡፡

መኣረምታ ክግበር ምሕታት፡- ብዛዕባ ክንክን ጥዕናኹም ዘለና ዝጎደለ ወይ ጌጋ ሓበሬታ መኣረምታ ክግበረሉ ብጽሑፍ ሕቶ ክተቕርቡ መሰል ኣለኩም፡፡

ብዛዕባ ምክፋል ምፍላጥ፡- ብጽሑፍ ክትሓቱን ዝርዝር ኣጋጣሚታት ሓበሬታ ንምኽንያታት ሕክምና፡ ክፍሊት ወይ ዝተኣሳሰሩ ምምሕዳራዊ ምኽንያታት ዘይኮኑ ዘካፈልናዮም ክትሓቱ መሰል ኣለኩም፡፡

ቅሬታታት፡- ናይ ስቱርነት መሰልኩም ዝገሃስና ኮይኑ እንተተሰሚዕኩም ወይ መዝገብኩም ንኻልኦት ምኽፋትና ዘይትሰማምዕሉ እንተድኣ ኮይንኩም፡ ንቤት ጽሕፈት **ርክባት ሕሙም** (Patient Relations Office) ኣብ (206) 386-2111 ወይ ንቤት ጽሕፈት ስቱርነት (the Privacy Office) ኣብ (206) 386-6178 ክትውከስዎም ትኽእሉ ኢኹም፡፡

ከምኡ'ውን ናይ ስቱርነት መሰልኩም ዝተገፈ ኮይኑ እንተተሰሚዕኩም ንጸሓፊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎታትን - ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ከምኡ ስለዝገበርኩምን ቅሬታኹም ስለዝገለጽኩምን ስውዲሽ ከጥቃዕኩም ኣይክእልን ኢዩ፡፡

ብዛዕባ ክንክን ጥዕናኹም ዘለና መዝገብ ሓበሬታ ብሕታዊ ስቱርነትኩም ክንዕቅብ፡ ነዚ ሓበሬታ እዚ ብዛዕባ ናይ ክንክን ጥዕና ሓበሬታ ኣገባብ ኣጠቓቕማና ምልክታ ክንህበኩምን ነዚ ኣብዚ ምልክታ እዚ ሰፊሩ ዘሎ ኣገባባት ክንክተልን ብሕጊ ንግደድ ኢና፡፡

ለውጢታት ኣብዚ ምልክታ

እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዕለት 14 ሚያዝያ 2003 ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ውዒሉ ኢዩ፡፡ ክፋል ናይዚ ምልክታ እዚ ክንልውጥን ንኹሉ ግላዊ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ብኽመይ ክንዕቅቦ ዘኽእለና ሓድሽ ዓንቀጻት ክንውስኽሉ መሰልና ምኂኑ ነፍልጥ፡፡ እቲ ዘሐደስናዮ ምልክታ ኣብ ኣገልግሎት ንህበሉ ቦታታትን ናይ መርበብ ሓበሬታ www.swedish.org ነስፍሮ ኢና፡፡ ቅዳሕ ናይዚ ሓድሽ ምልክታ ክትረኽቡ እንተደሊኹም ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ቁጽሪ ተለፎን (206) 386-2502 ደዊልኩም ተወከሱ፡፡
ዝተሓደሰሉ 03-25-2011